# ዓለማዊ ውዲት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ

እዚ ሕጂ ዘሎ ቅርጺ ዶባት ሃገራት ኣፍሪቃ መሰረቱ ሃገራት ኤውሮጳ ንኣፍሪቃ ወሪረን ብምሓዝ ሃብቱ ናይ'ዚ ኣህጉር ንምግሓጥን ኑቲ ህዝቢ ድማ ኣገልጋሊኡ ንምግባር ዝዓለመ፣ ምምቕቓል ናይ ኣፍሪቃ (THE SCRAMBLE OF AFRICA) ተባሂሉ ዝፍለጥ እዩ። ኤውሮጳውያን ኣብ ዘዝረገጽኦ መሬት ኣፍሪቃ ነንሕድሕደን ብምውድዳብ ኣብ'ቲ ብናይ በርሊንግ ኣኼባ(BERLING CONFERENCE) ወይ ድማ ናይ ኮንጎ ኣኼባ(CONGO CONFERENCE) ተባሂሉ ዝፍለጥ ናይ ህዝቢ ኣፍሪቃ መንነታዊ ስሚዒቱን ብሄራዊ ኣቋውሙን ኣብ ግምት ከየእተዋ ንኣፍሪቃ ተመቓቒለን ዶባዊ ውዕላት ካብ 1881-1914 ገበራ።ብድሕሪ'ዚ ኣብ ሞንጎ እዘን ገዛእቲ ሃገራት ዝተበጽሐ ስምምዕ ናይ እዛ ሕጂ ዓለምና ቀዋሚ ሕጊ ኮይኑ ኩለን ሃገራት ተቀይደናሉ ይኸዳ ኣለዋ።

ሃገርና ኤርትራ'ውን በቲ ናይ መጀመርታ ዓለማዊ ውዲት ብወገን ዳንካልያ ብስም ሃይማኖታዊ ምንቅስቃስ ዝጀመረ፣ ጸኒሑ ብባጽዕ ኣቢሉ ኣብ ከበሳን ምዕራባዊ ቆላታትን እግሩ ብምንባር ኤርትራ ግዝኣት ኢጣልያ ምዃና ኣብ'ቲ ናይ በርሊን ውዕል ዕላዊ ኮይኑ።

መንግስቲ ጥልያን ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ስለዝተሳዕረ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ እንግሊዝ ክትመሓደር ብምግባር እቲ ካልኣይ ውዲት ተፈጺሙ። ኩለን ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ጥልያን ዝነበራ ሊብያን ሶማልን ነጻነት ክእውጃ ክፍቀደለን እንከሎ፣ ሃገርና ኤርትራ ግን ምእንቲ ረብሓ ኣሜርካ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ክትቁረን ተጌሩ።

ቀጺሉ'ውን እዚ ፌደረሽን ብዘይፍቃድ ህዝቢ ኤርትራ ንረብሓ ኣሜሪካ ምስ ኢትዮጵያ ክትሓብር ተጌሩ። እቲ ንረብሓታት ሓያላት ሃገራት ከገልግል ዝተፈጥረ ውድብ ሐቡራት ሃገራት ኑቲ ባዕሉ ዘጽደቆ ውዕል ፌደረሽን እንዳፈረሰ ስቕ ኢሉ ብምርኣይን ጥርዓን ህዝቢ ኤርትራ ዕሽሽ ብምባል መሰል ህዝቢ ኤርትራ ንክግሃስ ተሓባባሪ ኮይኑ።

ህዝቢ ኤርትራ ብሰላማዊ መንገዲ ዘቕረቦ ተቃውሞን ጥርዓንን ሰማዒ እዝኒ ክረክብ ስለዘይካኣለ ምእንቲ ሃገራዊ ክብሩን መንነቱን ክብል ብ1961

ብመሪሕነት ጅግና ኢድሪስ ዓዋተ ብረታዊ ቃልሲ ክልዕል ተገዲዱ። ኩሉ ግዜ ድማ ሓቐኛ ዕላማ ተዓዋቲ ስለዝኾነ ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ከፊሉ ድሕሪ ናይ ሰላሳ ዓመት ቃልሲ ብ24 ግንቦት 1991 ንዓለማዊ ውዲታት ሲዒሩ ነጻነቱ ክንናጸፍ በቒዑ።

ኣብ'ዚ ናይ ሳላሳ ዓመታት ቃልሲ ዓለማዊ ውዲት ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ ቀሊል ኣይነበረን። ስለዝኾነ ድማ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ጥራሕ ኣይነበረን። ኢትዮጵያዊ ጎበጣ'ውን ነፍሱ ኪኢሉ ክቕጽል ኣይክእልን እዩ ነይሩ። ናይ ምዕራብ ሃገራት ብፍላይ ድማ ሃጸያዊት ኣሜሪካ ነዚ ኣብ ጸሊም ኣፍሪቃ ዝበዝሓን ዝዓበየን ሰራዊት ኢትዮጵያ ዘይተኣደነ ዕጥቅን ስንቅን ብምቅባል ንሰውራ ኤርትራ ንምጭፍላቕ ዓቢ ጻዕሪ ኣካይደን እየን።

እንተኾነ ግን ጽንዓትን ሓድነትን ህዝቢ ኤርትራ ካብ ኩምራ ኣጽዋርን ሰራዊትን ኢትዮጵያን ዓለማዊ ውዲትን ይሕይል ስለዝነበረ ሰራዊት ኢትዮጵያ ካብ ሰውራ ኤርትራ ብዝወርዶ ሓያል ጽፍዒት ሃጸይ ሃይለስላሴ ብገዛእ ሰራዊቱ ካብ ስልጣን ወሪዱ።

ንሃጸይ ሃይለስላሴ ገምጢሉ ኣብ ስልጣን ዝመጸ ወተሃደራዊ ስርዓት ደርጊ ካብ'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ስርዓት ሃይለስላሴ ኣይተማህረን። ሰውራ ኤርትራ ብዴሳዊ ፍልስፍና እዩ ዝምራሕ ኢሎም ስለዝገምገሙ፣ ንሕና ዴስነት ኢና ንኣምን እንተኢልናዮም ነቲ ቃልሲ ራሕሪሖም ናባና ክመጹ እዮም፣ እቲ ብሶቭየት ሕብረት ዝምራሕ ዝነበረ ናይ ምብራቅ ዴሳዊ ቀጽሪ እውን ደገፉ ክህበና እዩ ኢሎም ስለዝሓሰቡ ብኡ ንብኡ ብዙሕ ገስጋሲ ጭርሖታት ክዝምሩ ጀሚሮም። ህዝቢ ኤርትራን ሰውራኡን ቀዳማይ ዕላምኡ ክብሩን መንነቱን ስለዝነበረ ነቲ ናይ ደርጊ ኣደናጋሪ ጭርሖታትን ጻዊዒትን ኣይተቀበሎን። ብኣንጻሩ ሓይሉ ብምድልዳል ንጸላኢ ዘየዳግም ጽፈዒት እንዳሃበ ንዝበዝሕ ከተማታት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምቑጽጻሩ ብምእታው ብ1978 ዓወቱ ኣብ ኣፍደገ ኣስመራ በጺሑ ነበረ።

እንተኾነ እዚ ብሶቭየት ሕብረት ዝምራሕ ናይ ምብራቕ ዴሳዊ ደንበ ንስርዓት ድርጊ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ናይ ሃጸያዊት ኣሜርካ ህላውነት ብምትካእ ዘይተኣደነ ኣጽዋርን ኣማኸርትን ሰራዊትን ብምውፋር ሰውራ ኤርትራ ካብ ኣፍደገ ነጻነት ናብ ሳሕል ከምዝምለስ ጌርዎ። ኣብ'ዚ ናይ ምብራቃዊ ደምበ

ውዲት ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ ብመሪሕነት ሶቭየት ሕብረትን ሰዓብቶምን ምብራቕ ጀርመንን፣ደቡብ የመን፣ ሊብያን ኩባን ዘይተኣደነ ደገፍ ንስርዓት ደርጊ ጌሬናሎም ኢየን።

ብፍላይ ኣብ'ዚ ክዝከር ዝግብኦ ሶቭየት ሕብረት ዘይተኣደነ ኣጻዋርን ነፈርትን ወተሃደራዊ ኣማኸርትን ክትሕግዝ እንከላ ደቡብ የመን ወታሃደራቶምን ብፍላይ ዘወርቲ ታንክታትን ነፈርትን ብምብርካት ብኣካል ኣብ ቡዙሕ ኩናት ተሳቲፎም እዮም። ንመዘከርታ ክኸውን ታንክታት የመን ኣብ ድፍዓት ዓዲ ያዕቆብን እምባደርሆን ከባቢ ኣስመራን ዝተኻየደ ኩናት ተሳቲፈን እየን። ናይ ውግእ ነፈርቶም ድማ ኣብ ኩሉ ቅድመ-ግንባራትን ኣብተን ነጻ ወጺኤን ዝነበራ ከተማታት ጹውቕ ደብደባት ኣካይደን እየን። ሓንቲ ካብ'ዘን ኣብ ደብዳብ ተዋፊረን ዝነበራ ነፈርቲ ኣብ ከባቢ ኣቁርደት ተሃሪማ ወዲቃ ፓይሎታ ድማ ተማሪኹ እዩ። ሊብያ ኣብ ግዜ ኮለነል ማዓመር ቓዛፊ ብወገና እተን ዝበዝሓ ታንክታትን ተቶኮስትን ንስርዓት ደርጊ ዘበርከተት ሃገር እያ።

ህዝቢ ኤርትራ ስቕያቱ ንክኸብድን ክዛይድን ህዝቢ ናብ ስደት ንክበታተን ናይ ምዕራብን ምብራቅ ዓለማዊ ሃጸያዊ ውዲት ዝገበርኦ ዝርያ ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይነበረን።ድሕሪ ነጻነት'ውን እዞም ሐዱራት ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ውዲቶም ጠጠው ኣይበለን። ነዛ ንእሽተይ ሓዳሽ ሃገር ከይደልደለት እንከላ ህላዌኣ ንምጥፋእ ንጃንዳ ወያነ መሳርሒ ብምግባር ወራርን እገዳን እንዳዋፈሩ ህዝብና ቀሲኑ ንኸይነብር ዘይፋሓርዎ ውዲት ኣይነበረን።

እዚ ውዲት'ውን ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብናይ ሓባር ቃልሲ ንጃንዳ ወያነ ኣብ መጀመርታ ካብ ስልጣን ብምእላይንዲሒኑ ድማ ባዕሎም ብዝኣንድዎ ሓዊ ተለብቦም ካብ ገጽ ምድሪ ጠፊኦም ኣለዉ። ሕጂ'ውን ሃጸያዊት ኣሜሪካን ምዕራባውያን ሃገራትን ሞት ወያነ ኣይተዋሕጠሎምን ዘሎ። ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ወያነ ኣብ መንነ መንግስቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተፈጢሩ ዘሎ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቓ ንምርግጋጽ ዝስራሕ ዘሎ ስርሓት ምዕራባውያን ሃገራት ብጹቡቕ ዓይኒ ይሪእይዎ የለዉን። ንቀዳማይ ሚንስተር ኣብይ ኣሕመድ ብሰንኪ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ዝገበሮ ጽቡቕ ዝምድና ክቀጽዕዎን ከፈራርሕዎን እዮም ዝርኣዩ ዘለዉ። እዚ ድማ ምዕራባውያን ክሳብ ክንደይ ሰላምን ምርግጋእ ናይ ዞባና ከምዘየሐጉስም ዘረድእ እዩ።

ኣብ'ዚ ኣብ ትግራይ ሕጂ ኣብ ምኽባር ኣንጻር ወያነ ዝተኻየደ ኩናት ንመንግስትን ሰራዊትን ኤርትራን ብጃምላዊ ቅትለትን ራስያን ዓመጽን ብምኽሳስ እቲ ብኹናትን ካልእ ውዲትን ክተግብርዎ ዘይካኣሉ ምቕያር መንግስቲ ሕጅ ብዓብላኹ ፕሮፖጋንዳን ዝተመስረሐን ስእልታት ብምግባር ንኤርትራ ንምቅጻዕ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ዝገበርዎ ቀዳማይ ፍሹል ፈተነ ትማሊ ሪኢናዮ ኢና።

ሕጂ'ውን በቲ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ዘጓነፎም ተቃውሞ ደቂሶም ክሓድሩ እዮም ኢልካ ዘይሕሰብ እዩ። ቀጺሎም ፉሉይ "ነጻ" መርማሪ ኣካል ይቖም ኢሎም ንያኦም ዝጥዕም ጸብጻብ ሰኒዶም ንኤርትራ ንምብርኻኽ ተታሓሒዞሞ ዘለዉ ዳግማይ ፈተነ እዩ። ከም መቀጸልታ ናይ'ዚ ገለ ገለ ማዕከናት ዜና ከም ዝሕብርኦ ዘለዋ መንግስቲ ኣሜርካ ንመንግስቲ ኤርትራ ወይ ፕረሲደንት ኢሰያስ ካብ ስልጣን ንምእላይ ሓዲሽ መምርሒ ንሲኣኤይ ተዋሂቡ ከምዘሎ ቮይስ ኦፍ ሪዘን ዝተባህለ ማዕከን ዜና ኣጋሊጹ ኣሎ።

ዓለማዊ ውዲት ንበይኑ ዝሰርሕ ኣይኮነን። ነዚ ዝሕግዝ ከዳዓት ደቂ ሃገር ዝሕውስ እዩ።ነዚ ናይ ሲኣይኤ መድብ ንምትግባር ቡዝሓት ዝተዋፈሩ ኣለዉ። ሓደ ካብቶም መደብ ተዋሂብዎ ብቁሉዕ ክንቀሳቀስ ጀሚሩ ዘሎ ሳልሕ ዓብዱ ዮኑስ ዝተባህለ ሓዉ ንዓሊ ዓብዱን ብዓወተ ፋውንደሽን ዝፍለጡ ምትእኽኻብ ከዳዓት "ምቛም ሓድነታዊ መንግስቲ ኣብ ስደት" ከም ዉዱእ ወሲዶም ብሓሳብን ብተግባርን ክረዳድኡ ዘይክእሉ ከዳዓት ንምጥርናፍ ሸበድበድ ይብሉ ኣለዉ።

ነዚ ተቀቢሎሞ ዘለዉ መደብ ንምትግባር ዓቢ ተስፋ ኣንቢሮሙሉ ዘለዉ ምግምጣል መንግስቲ እቲ ሉሙድ ብኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ሁይማንስ ራይት ዎችን ዝተፈላለያ ብስም ናይ ግብረሰናይ ማሕበራት ዘጓውሕዎ ዘለዉ ክስታት በቲ "ነጻ" መርማሪ ኣካል ዝብልዎ ንመንግስቲ ኤርትራ ጠቒንካ ከም ናይ ዒራቕን ሶርያን ሊብያን ዝዓይነቱ ወታሃደራዊ ሱጉምትታት ክካየድ እዩ ሕልሞም።ኣብ መደምደምታ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ዝተዘመረት መዝሙር "ጽንዓትና ኢምቢታና፣ ጽንዓትና ህላዌና..." ን "ዝመጸ ይምጽእ ወራሪ ኣብ ባርዕ ሰውራ ሓራሪ" ዝብሉ ክሳብ ክንደይ ጽንዓትናን ሓድነትናን ሓያል ምዃኑ ክግንዘብዎ ኣለዎም።

ግርማይ የማነ ርያድ 11/03/2021